ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الرئيس

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**
*Office of the Chairman*
yusuf.berhanu@yahoo.com

---

*Date: 12/02/2017*

# *ቃል መሪር ሓዘን*

*ገዲም ተጋዳላይ ዓብዱ ዑመር ዓሊ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ብሰንበት ዕለት 12.02.2017፡ ኣብ ከተማ ሙንስተር -ሃገረ ጀርመን ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈሊዩና።*



*ተጋዳላይ ዓብዱ ዑመር ብ 1955 ኣብ ከተማ ከረን ተወሊዱ። ኣብ መወዳእታ ናይ 1975፣ ከም ብዙሓት መሳትኡ፣ ዉዕዉዕ ሃገራዊ ስምዒት ደሪኺዎ፣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣቋሪጹ፣ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰለፈ። ክሳብ 1980 ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ብተወፋይነት ተጋደለ። ኣብ 1980 ናብ ሱዳን ከደ፣ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ናብ ሱዑዲ ዓረብ ተሳፈረ። ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ሃገራዊ ቃልሱ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብተወፋይነት ቀጸሉ። ኣብ 1996 ናብ ጀርመን ብምስዳድ፣ ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤቱን፣ ደቁን (ማሕሙድ፣ ኢብራሂምን፣ ፋጣማ)፣ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ኣብ ከተማ ሙንስተር ይነብር ነይሩ።*

*ተጋዳላይ ዓብዱ ዑመር ምቕሉልን ብጾቱ ዝኽብርን ተዋዛይን ኢዩ ነይሩ። ክሳብ ካብ'ዛ ዓለም ጨካን ዝፍለየና፣ ኣብታ መሪሕ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ተሓኤ ዝቐሰሞ ልዑል ሃገራዊ ንቕሓት ዓቂቡ ዝዓዓዘ ዝነበረ ተቓላሳይ ምንባሩ ኩሉ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ብጾቱ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።*

*ብሞት ብጻይና ዓብዱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ብስም መላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፣ ንኽብርቲ በዓልቲ ቤቱን፣ ንክቡራት ደቁን፣ ንሓዉ፣ብጻይና ዓብደላ ዑመር ኣባል መሪሕነት ግሃድኤ ጨንፈር ካናዳን፣ ከምኡ'ውን ንኩሎም ቤተ ሰብን ናይ ቃልሲ ብጾቱን ጽንዓትን ኣኻእሉን ክህበናን፣ ንተጋዳላይ ዓብዱ ዑመር ድማ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ጅንኡ ክቕበሎን ንረቢ ንልምን።*

*ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ*
*ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*